ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية الثورية الارترية

ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT

# ብምኽንያት መዓልቲ ነጻነትና ግንቦት 24፥
## ብሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ (ሰደግኤ) ዝተዳለወ
## ውድባዊ መግለጺ

ግንቦት 24 ኣብ ታሪኽ ነጻነታዊ ተጋድሎ ህዝብታት ኤርትራ ወትሩ እናተዘከረት እትነብር ክብርቲ ዕለት እያ። ህዝብታት ኤርትራ ኣብ'ቲ ዝተናውሐን መሪርን ሓርነታዊ ቃልሲ ሰፍ ዘይብል ናይ ሂወትን ስንክልናን፣ ምምዝባልን መሪር ናብራ ስደትን፣ ማእለያ ዘይብሉ ብርሰት ንብረትን ጥሪትን ከፊሎም ኢዮም ነዚ ሃገራዊ ነጻነት'ዚ ክዉን ገይሮሞ። ሕጂ'ውን ነቲ ዝሓለፈ ተጋድሎና ዘረጋገጾ መኽሰባት ብምዕቃብ ታሪኽ ዘሰከመና ሕድሪ ንምፍጻም፡ ጌና ነቲ ዝተረፈ ዕላማታት ህዝብታትና ንምዕዋት ኣብ ቅድሜና ንዘሎ ብድሆ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ብምስጋር: ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ቃል-መብጽዓና እነሕድሰላ ዕለት'ያ፡ ግንቦት 24 መዓልቲ ነጻነት ኤርትራ።

ግንቦት 24 ክንኽብር ከሎና ክልተ መሰረታውያን ነጥብታት ኣብ ቅድሚ ዓይንና ድቅን ይብሉ። እቲ ቀዳማይ፡ መስዋእቲ ናይቶም ዓሰርተታት ኣሽሓት መንእሰያትን ጎራዙትን ኤርትራውያን ተቓለስቲ፡ እታ ሓንትን ክብርትን ሂወቶም ከይሰሰዑ፡ ንድሕሪት ግልጽ-ምልጽ ከይበሉ፡ ምእንቲ ነጻነት ሃገሮምን ልኣላውነት ህዝቦምን ከቢድ ዋጋ ዝኸፈሉ፡ ጀጋኑ ስዉኣትን ሓርበኛታት ኣካል-ስንኩላንን ሃገርና፡ ዘሸከሙና ረዚን ሕድሪ'ዩ። እቲ ካልኣይ ድማ፡ ህዝብታት ኤርትራ ንሳላሳ ዓመታት ተጋዲሎም ከቢድ መስዋእቲ ከፊሎም ዝተጸበዩዎ ጸጋታት ኩሉ ብፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ ተጠሊሙ፡ ከም ሳዕቤኑ ህዝብታትና ኣብ ገዛእ ሃገሮም ጊሎት ህግደፋውያንን ሰብ ጽሩራ መኮንናት ስርዓት ኢሳይያስን ኮይኖም ርእሶም ኣድኒኖም ደም ይነብዑ ኣለዉ። ዜጋታትና ፍትሒ ተሓሪሙዎም ብዘይ ሓታቲ ኣብ ጎዳጉድን ኮንተይነራትን ክእሰሩን፡ ብዘይ-ኣውያትን ንቡር ቀብርን ሂወቶም ክስእኑ ኮይኖም ኣለው። ተስፋ መጻኢ ብልጽግቲ ኤርትራ ክኾኑ ትጽቢት ዝተነበረሎም መንእሰያትና ከም ኣራዊት ፈቐዶ ጎቦታትን ስንጭሮታትን ከርፋሕ ሂወት ከሕልፉ፡ ገሊኦም ድማ ሃገሮም እሾኽ ኮይናቶም መሪር ናብራ ስደት መሪጾም እግሮም ናብ ዝመርሖም ሃጽ ኢሎም ክጠፍኡ፡ ኣብ ምድረ-በዳታትን ቃላያትን ሂወቶም ክቕዘፍን ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ጎረባብቲ ሃገራት ተዳጒኖም ናይ ስቓይ ሂወት ከሕልፉ ይኾኑ ምህላዎም እዩ።

እዛ ብኸቢድ ዋጋ ህዝብታት፡ ነጻነታ ዘረጋገጸት ሃገርና፡ በቶም ካብ ማህጸና ዝተወልዱ መራሕቲ ደቃ ተጠሊማ፡ ህዝብታት ኣብ ገዛእ ሃገሮም ኣብ ዘበነ ባዕዳውያን ገዛእቲ ካብ ዘሕለፉዎ ናብራ፡ ዝኸፍአ ሂወት ዝመርሑላ ዘሎዉ ኤርትራና፡ መዓልቲ ነጻነታ ክንዝክር እንከሎና፡ ብከበድትን መረርትን ቃንዛታት ዝተኸበበ ብምኻኑ፡ ኣብ ቅድሜና ጊዜ ዘይህቡ ቅልጡፍ መልሲ ዝጠልቡ ኣዝዩም ከበድቲ ሕቶታት ምህላዎም ንግንዘብ። ምኽንያቱ፡ ህዝብታት ኤርትራ ምእንቲ ሃገራዊ ነጻነቶም ዝተጋደሉን ዝተሰውኡን፡ ነዛ ሎሚ ብፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ እትግዛእ ዘላ ሃገር ንምርኣይ ኣይነበረን። እኳ ደኣስ ናይ ዜጋታታ ሰብኣዊ ክብርታት ዝተረጋገጸላ፡ ብሩህ መጻኢ ዕድላ ኣማዕዲኻ እትርእዮ ሰናይ ዘበን ዝተኾላዓላ፡ ዓዲ ሰላም፡ ዓዲ ፍትሒ፡ ዓዲ ዲሞክራሲ፡ ዓዲ ዘየቋርጽ ቁጠባውን ማሕበራውን ዕብየት፡ ዓዲ ማዕርነት ክትከውን፤ ምስ ጎረባብታን ዓለምን ኣብ ዝህልዋ ክልቲኣዊ ዝምድናታት ብስኒት ምክብባርን እትልለ፡ ብሓቢርካ ናይ ምንባርን ምምዕባልን ራእይ እትምራሕ ሃገር ክትከውን እዩ ዝነበረ እቲ ተስፋ። ግን ድማ፡ እቲ ተስፋን ትጽቢትን ብሓደ ሸነኽ፡ ኣብ ባይታ ሃገርና ዘሎ ክውንነት ድማ በቲ ካልእ ሸነኽ፡ እንክመዛዘን ፈጺሙ ዘይራኸብ ሕቆን ከብድን ኮይኑ ኣሎ።

*ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ናይ ህዝብታትና ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ጨፍሊቑ፣ ማሕበረ ቁጠባዊ ጉዕዞ ሃገርና ኣብ ዓሚቕ ዓዘቕቲ ረግሪጉ፣ ብረብሓን ድልየትን ኢሳይያስን ህግደፍን እትውነን፡ ብመብጽዓ ጥራሕ እትነብር ናይ ድኽነትን ዓጸቦን፡ ናይ ማእሰርትን መቕዘፍትን ሃገር ክትከውን ገይሩዋ ኣሎ። ፖሎቲካዊ ስልጣን ኣብ ኢድ ሓደ ገባርን ሓዳግን ዕሉል ጸረ ህዝቢ ፋሽስታዊ መራሕን ናቱ መሳርሒ ዝኾኑ ውሑዳት ዕሱባትን ብምግባት፡ ዜጋታት ርእሶም ኣድኒኖም፡ ካብ ግኡዝ ኣቕሓ ብዝተሓተ ክብሪ ሂወቶም ክመርሑ ኮይኖም ኣሎዉ። ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ጎብለል ሓይሊ ክኸውን ብምምናይ፡ ሃገር ብምልእታ ዓዲ ወታሃደር፡ ምስ ብዝሒ ህዝባን ቁጠባኣን ፈጺሙ ዘይመጣጠን ሓይሊ ምክልኻል ብምህናጽ፡ ውሽጣዊ ቅሳነትን ሰላምን ተዘሪጉ፡ ምስ ኩለን ጎረባብቲ ሃገራትን ህዝብታትን ውግእ ኣባሪዑ ጽልእን ቅርሕንትን ብምስዋሩ፡ ህዝብታትና እሙን መሓዛ ሃገርን ህዝብን ተሓሪምዎም ኣብ ሕልምልምን ጽምዋን ክነብሩ፡ መጻኢ ዕድሎም ጸልማት ክኸውን ኮይኑ ኣሎ። እዚ ስርዓት'ዚ ምስ ሓያላት ሃገራት ንንቡር ዲፕሎማስያዊ ባህሊ ተሓሲሙ ናብ ዓሚቕ ጽልኢ ዘውድቐ ፕሮፖጋንዳዊ ኵናት ብምምራጹ፡ ኣብ ዝባን ሃገርናን ህዝብታትናን ናይ ኾናትን ዕንወትን ደበና የንጸላሉ ኣሎ። ካብዚ ብምብጋስ ህዝብታትና ኣብ ስክፍታን ሽቕልቀልን ይነብሩ ኣሎዉ።*

*ኣብ ትሕቲ ፋሽስታዊ ስርዓተ ምሕደራ ኢሳይያስን ህግደፍን፡ ''ስራሕ ሎሚ ራህዋ መጻኢ'' ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣጉል ፈሊጥ፡ ማሕበረ ቁጠባዊ ሂወት ህዝብታትና ኣንቆልቂሉ፡ ጥሜትን ዓጸቦን ሰራውሩ እናስፋሕፍሐ፡ መሓውሮም ዝደኸመ ወለድን ህጻውንትን ኣብ ጸባብ ህድሞኦም ተጓዕጺጾም ይሞቱ ኣሎዉ። እቶም ካብ ዝወረዶም ዓጸቦ ጥሜት ንምድሓን፡ ፋሕተርተር ናይ ምባል ዓቕሞም ዘይጸንቐቑ ድማ፡ ናብ ቅርዓት ብምውጻእ ናብ ቅሉዕ ልማኖ ይወድቁ ኣሎዉ። እዚ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ህዝብታትና ዝረአ ዘሎ ናብ ቅሉዕ ልማኖ ናይ ምውጻእ ሓደጋ፡ ነቲ ብውሽጡ ዝቦኽበኽ ግን ከኣ ደጊኡ ከጸባብቕ ዝልህልህ ነውራም ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ፡ ናይ ስርዓቱ ናይ መወዳእታ ውድቀትን መምለሲ ዘይብሉ ጥፍሽናን መግለጺ ምኻኑ ከም ጸሓይ ቀትሪ ኮለል ኢሉ ኣሎ።*

*ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኣብ መንጎ ህዝብታትና ግጭትን ህውከትን ንምውላዕን፡ ንሱ ከኣ ኣብ'ዚ ዓንኬል'ዚ ተሓቢኡ ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ብምሕላን፡ ነበርቲ ዝተፈላለዩ ዓድታት፡ ካብ ዞባ ደቡብ፣ ማእከልን ዓንሰባን ብዘይ ፍትወቶም እናፈናቐለ፡ ናብ ዘይፈልጡዎን ዘይተዳለዉሉን ከባቢታት ክጓርቶም ጀሚሩ ኣሎ። እዚ ግዱድ ምፍንቓል'ዚ ህግደፋዊ ፖሎቲካዊ፡ ቁጠባውን ጸጥታውን ረብሓታት ማእከል ዝገበረ'ምበር ቅንጣብ ሓልዮት ህዝብታትና መበገሲ ዘለዎ ከምዘይኮነ ካብ ጨካንን ጸረ ዲሞክራስያውን ኣፈጻጽማኡ ምግንዛብ ይከኣል።*

*ህዝብታት ኤርትራ ካብ ወጋሕታኡ ዝተበገሱሎም ዲሞክራስያዊ ዕላማታት በርዒኖም ብምትራፎም ምኽንያት በብእዋኑ ናብ ዝሽፍአ ፖሎቲካውን ማሕበረ-ቁጠባውን ቅልውላው እናተሸመሙ ኣብ ዝርከቡሉ እዋን፡ ግብረ መልሲ ሓይሊ ተቓውሞና፡ ምስዞም ብደሆታት ዝመጣጠን ናይ መኸተ ዓቕምታት ክድልብ ኣይረአን። ብርግጽ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ካብ ድሑር ጸኒሓዊ ኣተሓሳስባታት ሓራ ብምውጻእ ተወዳዳሪ ሓይሊ ንምኻን ዝረአ ዘሎ ጻዕርታት ዝተባባዕ እኳ እንተኾነ፡ ማዕረ-ማዕረ እቶም ሃገራዊ ብደሆታት ብምኻን ንምግጣሞም ዘሎ ተኸእሎታት ግን ገና ኣዝዩ ትሑት ምኻኑ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ እዩ። ብኣንጻሩ ኣብ ድሑር ኣተሓሳስባታት ተጸሚዶም፡ ካብ ናይ በይኖም ጸባብ ጎጆ ምውጻእ ስኢኖም ሕጊግ ዝብሉን፡ ናይ ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ ናይ መንእሰያት ድማ ብፍላይ፡ ናይ ቃልሲ ንያት ዘዳኽሙ ሓይልታት ምህላዎም እቲ ካልእ ዝመረረ ሓቂ እዩ። ኮታስ ክሳብ ሎሚ ኣብ ሓይሊ ተቓውሞና ሓደ ሓያል ናይ ለውጢ መሳርሒ ዝኾነ ውድብ ክፍጠር ብዘይምኽኣሉ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ዝወርዱ ዘለዉ መዳርግቲ ኣልቦ ግፍዕታት ንምግታእ፡ ተስፋ ዝህብ ኩነታት ከምዘይበጻሕና ዓይንና ዓሚትና ክንክሕዶ ዘይንኽእለሉ፡ ባዕሉ እቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ክውንነትና ኣፉ ኣውጺኡ ዓው ኢሉ ዝዛረበሉ እዋን ኢና በጺሕና ዘሎና። ስለዝኾነ'ውን ኣብ መዓልቲ ነጻነትና ኮይና ግቡእ ቱኽረት ክንገብረሉ ዘሎና እዋናዊ ኣገዳሲ ውራይ፡ ንመላእ ውጹዓት ህዝብታትናን ሰፊሕ ሓይሊ ተቓውሞን ኣብ ሓደ መስርዕ ጸሚዱ ንፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ንሓዋሩ ንምቅባጽ ዝተወሃሃደ ዓቕሚ ኣብ ምፍጣር ኣበርቲዕና ክንጽዕት ዝድርኸ፡ ብከቢድ ሓላፍነት ክንብድሆ ዝሓትት ጸር ኣብ ቅድሜና ይጽበየና'ሎ።*

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ብቱን ኣተሃላልዋ ሓይሊ ተቓውሞ ኣሻዲኑዎ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትናን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ብጸረ ሰላም ባህርያቱ መወዳድርቲ ዘይብሉ፡ መሰክሕ ከዳሚ ናይቶም ኣብ ቅድሚ ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ዓበይቲ መንግስታትን ብዓይኒ ጥርጣረ ዝረኣዩ ሓይልታት ኮይኑ ኣሎ። እዚ ሓይሊ'ዚ ሰፊሕ ደገፍ ሓፋሽ ህዝብታት ኤርትራ ተጸምቢሉ ዝዓተሮ ስልጣን ሙርኩስ ብምግባር'ምበር ብተኣምር ካብ ሰማይ ዝነጠበ ሓይሊ ኣይኮነን። ስለዝኾነ'ውን ከምቶም ዝሓለፉ ባዕዳውያን ገዛእቲ ኣብ ናይ ታሪኽ ጎሓፍ ንምድርባዩ፡ ቦኺሩ ዘሎ ጥምረት ህዝብታትናን ሓይሊ ተቓውሞን ምርግጋጽ፡ ወሳኒ መፍትሒ'ዩ። ስለዚ ከኣ እቶም ብፖለቲካዊ ፕሮግራም ዝቀራረቡ ሓይልታት ኣብ ሓደ ክጥመሩ፡ ኣብ ፕሮግራማቶም መሰረታዊ ፍልልይ ዘለዎም ሓይልታት ድማ ኣብ ዝሰፈሐ ግንባር ተጠሚሮም ፍልልያቶም ብሰላማውን ደሞክራስያውን ኣገባብ ብምውጋን፡ እዚ መድረኽ'ዚ ዝጠልቦ ገድላዊ ኣበርክቶ ክፍጽሙ ዘለዎ ተደላይነት ዘይስገር'ዩ። በዚ መሰረት፡ ኩልና ሓይልታት ተቓውሞ ኤርትራ በዚ ታሪኻዊ ዕለት'ዚ፡ ነዚ መድረኻዊ ገድላዊ ኣበርክቶ ብብቕዓት ንምፍጻምን ከም መደብ ተታሒዙ ንዘሎ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋትን ሓላፍነታዊ እጃምና ክነበርክት ቃል ክንኣቱ ትጽቢት ይግበረልና።

ኣብ ላዕሊ ክቕመጥ ዝተፈተነ፡ እቲ ውሑድ ካብ'ቲ ሃገርናን ህዝብታትናን ኣብ ትሕቲ ጨካን ፋሽስታዊ ስርዓት-ምሕደራ ኢሳይያስን ህግደፍን ጸይሮሞ ዘለዉ፡ ንመጻኢ ህልውናኦም ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ክውንነት ብሓደ ሸነኽ፡ ማዕረ-ማዕረ እዞም ብደሆታት ክኸውን ዘይበቕዐን መሊኡ ካብ ውሽጣዊ ግርጭታትን ምንሕናሕን ክገላለገል ዘይከኣለን ሓይሊ ተቓውሞ ዝርከበሉ ኩነታት ከኣ በቲ ካልእ ሸነኽ ዘመልክት እዩ።

በዚ መንጽር፡ መዓልቲ ነጻነትና ግንቦት 24 ክንዝክር እንከሎና፡ ብሓደ ወገን፡ ብመስዋእቲ ዝሓለፉ ስዉኣት ጀጋኑናን ሓርበኛታት ኣካለ-ስንኩላናን ኣብ ቃሎም ጸኒዖም ክቡር ሂወቶምን ኣካሎምን ምእንቲ ነጻነትና ምኽፋሎም፡ ወትሩ እንህቦም ኣኽብሮት መወዳድርቲ ከም ዘይብሉ ብምግላጽ፡ በቲ ካልእ ወገን ድማ ኣብ ኣዝዩ ሕሱም ሃለዋት ብምውዳቕና፡ ስቓይና ሚሒር መሪር ብምኻኑ፡ መኸተና ኣዝዩ ሓያል፡ ኣድማዕን ውጽኢታውን ክኸውን ከምዘለዎ ቃልና ብምሕዳስ እዩ። ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ (ሰደግኤ) ኣብ ህልው ኩነታትና ዘሎ ብኩራት ብምስትብሃል፡ ብቑዕ ናይ ለውጢ መሳርሒ ዝኾነ ውድብ ንምርግጋጽ፣ ኣብ ሃገርና ሓቀኛ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል፡ ዝተሓንገጠም ህዝባዊ ዕላማታት ንምዕዋት፡ ዘካይዶ ቃልሲ ብምሕያል፡ ብቐዳምነት ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ንምውጋድ፡ ዓቕሚ ህዝብታትናን ሓይሊ ተቓውሞ ሃገርናን ዝጠምር ዝሰፈሐን ዝበቕዐን ናይ ለውጢ ሓይሊ ንምርግጋጽ ኣብ ዝካየድ ቃልሲ እጃሙ ከበርክት ምዃኑ ብኣጋጣሚ'ዚ ክቡር ዕለት መዓልቲ ነጻነትና የረጋግጽ።

ግንቦት 24 መዓልቲ ነጻነትና፡ ንዘላኣለም ተኸቢራ ትንበር!!

ሕድሪ ስዉኣትና ዝጠለመ፡<br>
ትጽቢት ህዝብታትና ዘበርዓነ፡<br>
ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብምውጋድ፡<br>
ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ንቃለስ!!

ዘላኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታትና!!

**ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ (ሰደግኤ)**<br>
24 ግንቦት 2009